## ሓጺር መልእኽቲ
## ንሃገራዊ ዋዕላ

ክቡራን መራሕቲ ኪዳንን፡ወከልቲ ውድባትን
ክቡራን ኣሰናዳኣእቲ ሃገራዊ ዋዕላ
ክቡራን ካህናትን መሻይኽን፡ዓበይቲ ዓድን
ክቡራን ወከልቲ ሲቪካውያን ማሕበራት
ክቡራን ወከልቲ ጐረባብቲ ሃገራትን፡ምሁራንን
ክቡራን ሽማግለታት ህዝብን፡ሃገራውያን ተዓዘብትን
ክቡራን ወከልቲ ወብሳይታትን፡ጋዜጠኛታትን
ክቡራን ዕዱማት ብጠቕላላን

ኣቐዲመ ብስም እቲ ኵሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ እንቋዕ ብሰላም ኣብዚ ቦታ በጻሕኩም እናበልኩ ምዉቕ ሰላምታይ ኣመሓልልፈልኩም። ኣስዒበ ኸኣ ነቲ ሰናይን ቅዱስን ጻዕሪኹም ብሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንምዕዋት፡ድኻማትኩምን ክሳራታትኩም ኣብ ግምት ከይኣእተኹም ንህዝብን ሃገረን ንምድሓን ባሕሪን በረኻን ሰጊርኩም ብደሓነ ሰላም ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ምብጻሓኩም ዝስምዓኒ ሓጐስ ወሰን የብሉን።ካብዚ ኣስዒበ ድማ ንመንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ በቲ ንስደተኛታት ኤርትራውያን ናይ ምቕባልን ምእላይን፡ ንሃገራዊ ዋዕላ ድማ ንምዕዋትን ዝገብርዎ ዘለዉ ሕውነታዊ ምትሕብባር ክብ ዝበለ ሞገስን ምስጋናን እናቕረብኩ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ሰናይ ታሪኻዊ ምዕራፍ ምኻኑ ከብርህ ይፈቱ።

ቀጺለ ድማ ላዕለዎትን ታሕተዎትን ሓለፍቲ ኪዳንን፡ኣዳለውቲ ሃገራዊ ዋዕላን፡ወከልቲ ሲቪካውያን ማሕበራት፡ ሽማግለታት ህዝብን ነቲ ከቢድን ፈንጣሒን መደረኻት ሰንጢቕኩም ኣብዚ ብምጻሓኩም ታሪኻዊ ኣድንቖት ከይሃብኩኹምን ከይኣመስገንኩኹምን ክሓልፍ ኣይደልን።ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ቦኽሪ ታሪኻዊ ዋዕላ ካስል ብማኒፈስቶ ካስል ዝፍለጥ ኣብ ነሃሰ 2004 ዓ.ም.ፈ. ዝተኻየደ ሎሚ ሸቱኡ ክሃርም ምኽኣሉ ዝስመዓኒ ሓጐስን ፍስሃን ወሰን የብሉን።ስለዚ ነዚ ኩሉ ከቢድ ጕዕዞ ንሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት ዝግበር ዝነበረ ጻዕሪታት ሰጊርኩምን፡ ንሕሱማት ዓለቕትን ኣጋንንትን ጢሒስኩምን ኣብዚ ምብጻሓኩም ንኤርትራዊ ታሪኽ ዘሕብንን ዘኹርዕን ምኻኑ ከይኣስመርኩሉ ክሰግር ኣይደልን።

እምበኣረይ እቲ ኹሉ ዝሓገዘ ኣምላኽ ድማ ምስጋና ይግብኦ እዩ እሞ ሃገራዊ ዋዕላና ቅዱስን ኣፍራዪን ክኸውን ከምቲ ባህልናን ልምዲ ኣቦታትናን ክልቲኦም መራሕቲ ሃይማኖታትና ብጸሎት እንተ ዝኸፍትዎ ኣዚ'ዩ ደስ ምበለኒ ነይሩ።ክቡራንን ክቡራትን ኣሕዋት ካብዚ ዋዕላ'ዚ ህዝብና ሓደን ወሳኒን ግደ ዘሎዎ ናይ ሲኒትን ድሕነትን ራህዋን ምዕራፍ ሒዝኩም ክትወጹ ድማ ብዓቢ ሃንቀውታ ይጽበየኩም ኣሎ።ስለዚ ሃገርና ካብ ስርዓት ቃኤል ሓራ ክትከውንን ነጻነትን ፍትሕን ሰላምን ክነግስን ምእንቲ፡ ኣስላምናን ክርስትያናን ብሓባርን ብምሉእ ልብን ንቕድሚት ክንርኢ ኤማሕጽን።

ዓወትን ኣሳልጦን ንሃገራዊ ዋዕላና።ኣምላኽ ንሃገርናን ንጐረባብቲ ሃገራትን ድማ ይባርኽን ሰላም የውርደልናን።

ምስ ምዉቕ መንፈሳዊ ትምኒት
ሓዉኹም
ዶ/ር ኣብርሃም ጳውሎስ
ካስል ጀርመን ዕለት 29/07/2010